

# ሃዋርያ ጳውሎስ

ዳንኤል ተስፋይ

## ልቢ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ኣገልግሎቱ

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ናይ መጽሓፍ ብዙሕ መልእኽትታት ዝጸሓፈ ኣገልጋሊ፡ ካብ ህይወቱን ተሞክርኡን ክንመሃሮ እንኽእል ሓያለ እዩ። እዚ ኣብዛ ዓምዲ እዚኣ ሰፊሩ ዘሎ ትምህርቲ፡ ኣብተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ምዕራፋት ናይ እታ ንሰብ ቈረንቶስ ዝጸሓፋ ካልኣይቲ መልእኽቱ ዝተሞርከሰ እዩ።

ቀጺልና ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ኣገልግሎቱን እቲ ኣብኡ ዝነበሮ ልብን ብኸምዚ ዝስዕብ ተሊምና ነስተብህለሉ።

ሃዋርያ ጳውሎስ፡-

1. ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዝነበሮ ኣረኣእያ፡
2. ብዛዕባ ካልኦት ኣሕዋት ዝነበሮ ኣረኣእያ፡
3. ምጽንናዕ ካልኦት ክርኢ ዝደሊ'ዩ፡
4. ልቢ ወላዲ ነበሮ፡
5. ልቢ ወላዲት ነበሮ፡
6. ስራሕ ዲያብሎስን ውዲቱን ዝፈልጥ ሰብኣይ ነይሩ፡
7. ክብሪ ዕብየት ኣገልግሎቱ ዚፈልጥ እዩ ነይሩ፡

"ጳውሎስ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ ክርስቶስ የሱስ፡ ጢሞቴዎስ ሓውናንውን፡ ናብታ ኣብ ቈረንቶስ ዘላ ማሕበር ኣምላኽ ምስቶም ኣብ ብዘላ ኣካይያ ዘለዉ ኹላቶም ቅዱሳን፡ ካብ እግዚ ኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን" (1፡1-2) ።

### 1. ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዝነበሮ ኣረኣእያ

ካብዚ ጽሑፉ ከም ነስተውዕሎ፡ ጳውሎስ፡ ባዕሉ ዝፈቐዶ ወይ ስለ ዝተመነዮን ዝደለዮን፡ ወይ ድማ ምስ ካልኦት ንኽወዳደር ዘይኮነስ፡ እንታይ ድኣ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ ዝኾነ ምዃኑ ኣርጊጹ ዝፈልጥ ዝነበረ ሰብ እዩ።

ጳውሎስ ሓደ ካብ እቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት ከም ዘይኮነ እቲ ጽሑፍ ብዛዕባ እዚ ብሩህ እዩ። እንተኾነ ግና፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ ምዃኑ ኣዳዕዲዑ ይዛረብ።

ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ናብ ሰብ ቈረንቶስ ኣብ ምዕራፍ 15፡8-9፡

"ድሕሪ ኵላቶም ድማ ንኣይ፡ ቍላዕ ንዝመስል፡ ተራእየኒ። ኣነስ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ስለ ዝሰጐጕክዋ፡ ምንኣስ

*ኵላቶም ሃዋርያ እየ እሞ፡ ሃዋርያ ኽስመ ብቑዕ ኣይኰንኩን”* ይብል።

ጳውሎስ፡ ስለ ገዛእ ርእሱ ዝርድኦ፡ ብሓደ ወገን ሃዋርያ ምኳኑ ኪኸውን ከሎ በቲ ካልኣይ ገጹ ድማ ሃዋርያ ኪኸውን ዘይበቅዕ ከም ቀኑላዕ ምኳኑ እዩ። እዚ ክልተ ምርዳእ እዚ ተወሃሂዱ ስለ ዝርድኦ ንኹሉ ኣገልግሎቱን ህይወቱን ዓብዪ ረብሓ ከም ዝነበሮ ተገንዚበዮ ኣለኹ።

ነዚ ምልስ ኢልና ምስ እቲ ናይ ገዛእ ርእስና ህይወት ነረኣእዮ እሞ፡ ኣብ ገለ ኩነታት *‘እወ ነዚ ኽገብሮ እግዚኣብሄር ሾይሙኒ ኣሎ’* ክንብል ግና ንኣሸቱን ድኹማትን ምኳንና ድማ ንኽይንዝንግዕ ይግብኣና። እዋን ክህሉ ይኽእል እዩ፡ ነቲ ዕዮ ጎይታ *‘ጠንጢንካዮ ኪድ’* ዝብል ዓይነት፡ ወይ ካብ ኣገልግሎት ናይ ጎይታ ዜርሕቕ፡ ናብ ዝኾነ ዓይነት ሓጢኣት ከኣ ከምርሕ ዝኽእል ትርጉም ዘይብሉ ግናይ ሓሳባትን ስምዒታትን፡ ክመጸና ይኽእል እዩ። ግና ኣብቲ ዕዮ ጎይታ ዘሎና ግደ፡ *‘ኣገልጋሊ ጎይታ እየ’፡ . . . ሓላፍነት ኣሎኒ፡ ሸማግለ ቤተ-ክርትያን እየ’* ኢልና ካብዚ ዓይነት ፈታኒ ሓሳባት ክንመሉቕ ከም ንኽእል ክስወጠና ኣለዎ።

ገለ እዋናት ንሕና ካብ ካልኦት ኣሕዋትና ከም ዝበለጽና፡ ንሕና ኣብታ ቤተ ክርስትያን እንተ ዘየሃሊና ኵሉ ከም ዝበላሾን ዝፈርስስ ኪመስለና ኸሎ፡ ንሕና ዘይንጠቅም ምኳንና ምስ እንርዳእ ንኣናን ንኻልኦትን በረኸት፡ ነቲ ስራሕ ጎይታ’ውን ሰናይ እዩ።

ኣብ ቤተ ክርትስያናትና፡ ኣብቲ ኣኼባታትና መን ኰን እዩ ዓብዪ? ከምቶም ደቂ መዛሙርቱ ንጎይታ ንሱ ናይ መስቀል ሞቱ ኪሓስብ ከሎ ንሳቶም ከኣ ኣብ ማእከሎም መን ከም ዝዓቢ ሓሳብ ኰይንዎም ዝካትዑ ዝነበሩ፡ ንሕና’ውን እዚ ከምዚ ዝበለ ሓሳባት ከም ዚለዓለና ርግጽ እዩ። እቲ ፍልልይና፡ ከምቲ ናቶም ንሕና ግርህ ኢልና ኣይንዛረበሉን፤ ብልብና ጥራይ ድኣ ንውድኦ።

ከማና ዝጠቅም ሰብ ካልእ ከም ዘየሎ፡ ወይ ንሕና ካብ ካልኦት ዝያዳ እነድለ ከም ዝኾንና ኰይኑ ዝመስለና እዋን’ዶ ኣሎ? ንውድቀት ትዕቢት ትቕድማ፡ እሞ ካብ ከምዚ ዓይነት ሓሳባት ክንጥንቀቕ ናይ ግዲ እዩ! ምኽንያቱ፡ ነስተብህለሉ እሞ፡ ከምኡ ዓይነት ሓሳባት ምስ ዝህልወናስ፡ ንጎይታ ስርሑ ኽሳልጥ ከም ዘይክእል ጌርናዶ ኣይኰናን እንርእዮ ዘሎና? ሓደገኛ ኣተሓሳስባ እዩ!

እቲ እነገልግሎ ኣምላኽሲ ሓያልዶ ኣይኰነን! ስልጡን ኣምላኽዶ ኣይኰነን! ንዘክር፡ “እዚኣቶም እኳ ስቕ እንተ በሉ እዞም ኣእማን ክጭድሩ እዮም እብለኩም ኣሎኹ፡” ዝበለ ጎይታ ንሕና እንተ ዘይዓየናዮ ዝዓየሉ ዝስእን ኣምላኽ ኣይኰነን (ሉቃ 19፡39)። እንተ ጎደለ እቲ ዝጐድልሲ ንኣና ድኣ እምበር ንእኡ ኣይኰነን። ንሱስ ባህ ዝበሎ፡ ነቲ ዕዮኡ ድማ ዝተግህ ዓያዪ፡ ትሕት ኢሉ ዘገልግል ኼተንስእ ዝኽእል ኣምላኽ እዩ። ጳውሎስ ዝኣክል እኳ ነታ ገዛእ ርእሱ ከም ቀኑላዕ ርእዩዋ እዩ እሞ፡ ባህርያት ጳውሎስ ኣርኣያና ይኹን።

እምበኣር ገለ እዋን ኣገልገልቲ ህያው ኣምላኽ፡ ኣምባሳደራት ልዑል እግዚኣብሄር ከም ምኳንና፡ ገለ ኻልእ እዋን ድማ

ንሕና ከም ዘይንጠቅም ባሮት ዚግብኣና ኢና ዝገበርና እንብል ክንከውን እቲ ቅዱስ ጽሑፍ ይምህረና።

## 2. ብዛዕባ ካልኦት ኣሕዋት ዝነበሮ ኣረኣእያ

ነታ ቐዳመይቲ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቈረንቶስ ኣንቢብና እታ ቤተ ክርስትያን እንታይ ትመስል ከም ዝነበረት፡ እቲ ዝነበራ ኵሉ ጸገማትን ብቐሊሉ ኽንርዳእ ንኽእል። እዛ ቤተ ክርትስያን እዚኣ ብምክፍፋላ፡ ብትራ፡ ብዝሙታ፡ ነቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያባት ድማ ከምቲ ዝግባእ ብዘይ ምጥቃማ እያ ትጥቀስ። እዚ ድማ ኣብ ኵሉ ዓለም ዝተወርየ ነበረ።

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ነቶም ኣብታ ቤተ ክርስትያን እቲኣ ዝነበሩ ኣሕዋት፡ “ቅዱሳት” እናበለ ይጽውዖም። ንምኺኑ ቅዱስ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ቅዱስ ማለት ዝተፈልየ ካብቲ ሓጢኣትን ርስሓትን ዝወጸ ማለትዶ ኣይኰነን! እሞ እዚ ኵሉ ሕማቕ ጠባዮም እናፈለጠ ከምዚ ኢሉ ዝጽውዖም’ከ ኪሓብሎም ኢሉ’ዶ እዩ ወይስ ናይ ልቡ ማለቱ ኰይኑዎ እዩ? ጳውሎስ ከምቲ ኣብቲ መልእኽቱ ዝበሎም ከምኡ ድማ ልቡ ሓቢሩ ከም ቅዱሳን ናይ ኣምላኽ ሰባት ከም ዚርእዮም ዘጠራጥር ኣይኰነን። ልቢ ጳውሎስ ሕማቕ ናይ ሰብ ልልይ ኣቢሉ ዚርኢ ጥራይ ኣይነበረን፤ ነቲ ጽቡቕም ድማ ኪርእያ ዝኽእላ ኣዒንትን ክቕበል ዝኽእል ልብን ከኣ ነይርዎ።

ንሕና’ኸ ልብና እንተ ንፍትሽሲ፡ ሓደ ጊዜ ሕማቑ ዝፈለጥናሉ፡ ክወድቕ ከሎ ኺጋገ ኸሎ ዝረኣናዮ ሰብ፡ ተመሊስና ናቱ ሰናይ ክንርኢ፡ ነቲ ሰናይ ዘረባኡ ክንሰምዕ የጸግመና’ዶ?

ካብዚ ሒዛንዮ ዘሎና ኣግልስ ኣቢልና፡ ናብ ነብዩ ናታን እስከ ንኺድ። ኵላትና ከም ዘይንስሕቶ፡ ንጉስ ዳዊት ንባትሴባ ጠሚቱ ተመንዩዋ፡ ካብ ሓዳራ ምምንጣል ጥራይ ከይኣክልሲ፡ ንኡርያ በዓል ቤታ ድማ ከም ዝቕተል ገበሮ። እግዚኣብሄር ድማ እቲ ኵሉ ዝተኣልመ ተንኰልን ዝተገብረ እከይ ግብርን ንዳዊት ንነብዩ ናታን ልኢኹ ገለጹሉ።

ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ፡ እግዚኣብሄር ንዳዊት ጽቡቕ ኺነግሮ ምስ ደለየ ንነብዩ ናታን ከም ብሓድሽ ለኣኾ። ነብዩ ናታን ድማ ነቲ ከቢድን መሪርን ክነግር ከም ዝኸደ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር፡ ዝሓደገሉ ንዳዊት እቲ ሓጢኣቱ ረሲዑሉስ ነቲ ሰናይ ድማ ኺነግሮ ከደ። ኣብዚ እዋን እዚ ምናልባሽ ገሌና ናይ ነዊሕ እዋን እኳ ኪኸውን ዝኽእል ዝረኣናዮን ዝሰማዕናዮን ናይ ገለ ሰባት በደል፡ ግጉይ ግብሪ ኣብ ሓንጎልና ከም ስእሊ ተቐሪጹ ሰናዮም ንኸይንርኢ ድማ ከም መጋረጃ ሸፊኑና ክህሉ ይኽእል ይኸውን። ግና ካብ ከምዚ ዓይነት ነገራት ኽንፍወስ ናይ ግዲ የድልየና እዩ።

ከምቲ ንሕና ደድኻምና ዘሎና ኽንወድቕ ድማ እንኽእል፡ ድኻም ካልኦት ኽንርዳእ የድሊ። ጌጋ ንምግባርን ሓጢኣት ድማ ንምፍጻምን ምኽንያት ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኰነን። ስለዚ ነቲ እግዚኣብሄር ሓጢኣት እዩ ዚበሎ ነገር ከምኡ ጌርና ኽንርእዮ ድኣ እምበር ኣቕሊልና ኽንርእዮ ከም ዘይብልና፡ ፍጹም ርዱእ ይኹን።

ግና፡ ጻድቕሲ ሾብዓተ ጊዜ ይወድቕ ሾብዓተ ጊዜ ድማ ይትንስእ እዩ እሞ፡ ነቲ ምትንሳእ እሕዋትና ክንርኢ ኣዒንትና ኪኽፈት የድሊ።

ከነስተብህለሉ ዝደሊ ሕቶ፡ ክሰብኽ ክንሰምዖ ዘይንደሊ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን እኳ ክንርእዮ ባህ ዘይብለና፡ ከም ሓደ ቅዱስ ሓው ጌርና ኽንወስዶ ዝኽብደና ሰብ ኣሎዶ? ብወገነይ፡ ህዝብና ለጋስን ፈቃርን ምዃኑ ብሓቂ እየ ዝኣምን። ጌጋ ድኣ ይኽለለይ እምበር፡ ሓንሳእ ምስ ተሃሰና ግና ተቐየምትን፡ ንምርስዑ ድማ ዘሸግረና፡ ደንጎይትን ዓይነት ምዃንና ተዓዚበ ኣሎኹ።

ኣብዚ ንእግረ መገድና ኽነስተብህለሉ ዝግባእ ሓደ ነገር ኣሎ። እቲ ሰናይን ጽቡቕን ናይ ቤተ ክርስትያንናን ናይ ኣሕዋትናን ምጥማት ጠፊኡናስ ገግናዩ ጥራይ እንጥምትን እንኣርን ዓይነት ሰባት እናኾንና ንኸይድ እንተድኣ ኣሊና፡ ህይወትና ብጽዕቕ ኣብ እንምርምረሉ፡ እቲ ምስ ጎይታ ዘሎና ርክብ ከመይ ከም ዘሎ ድማ ኣብ ብርቱዕ ተፍትሽ ዘድልዮ ኩነታት ወዲቕና ኣሎና ማለት እዩ። እሞ፡ ኩሉ ገዲፍና ኣብኡ ኽነተኩር ኣሎና።

ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰላም ኺጠፍኦ ከሎ፡ ወይ ድማ ምስ ጐይታ ዘለዎ ሕብረት ከምቲ ናይ ቀደሙ ምስ ዘይከውን ኵሉ ነገር የጽልኦ፡ ብምንም ድማ ኪሕጐስ ኣይትርእዮን።

ምናልባሽ ብኽምዚ ዚመስል ነገር ዝሓልፍ ሰብ እንተ ድኣ ኣልዩ ህድእ ኢሉ "ኵሉ ዘይብርሃኒ ዘሎስ ኣነ ኣብ ውሽጠይ ብዘሎኒ ጸገም'ዶ ይኸውን" ኢሉ ኣብ ትሕቲ እግሪ ጎይታ ህድእ ኢሉ ምስ ጐይታ ኪላዘብ ልባዊ ምሕጽንታይ እዩ።

ካልኣይ ክፋል ናይ'ዚ ክቕጽል እዩ

ንሓቂ ጸሊእኩም፡
ኣይትፍተዉ ወረ።
ኣቱም ሃገር፡ ንዑ ንተዓረ፡
ንመዓር ገዲፍኩም ኣይትብልዑ ዕረ።

እልፊ ገድሊ፡ እንተ ተኮመረ፡
እልፊ ተኣምር፡ እንተ ተኮመረ፡
እልፊ ድርሳናት፡ እንተ ተኮመረ፡
ብምኽሪ ደባትር፡ ንከንቱ እተገብረ፡
ኣየድሕንን እዩ፡ ክርስቶስ ምስ ኰረ፡
ካብ ክርዳድ ተፈልዩ፡ ስርናይ
ምስ ተኣረ፡
ኣብ ዚነድድ ሓዊ፡ ፍጹም
ምስ ሓረረ።

ወንጌል ጥራይ እያ፡ እትገብር ፍረ፡
ወንጌል ጥራይ ንሓዝ፡ ካልእ ይቕረ፡
ምስ መሓመድ ከይንከውን ማዕረ።
ንወንጌል ገዲፉ፡ ፍርቃን ዝፈጠረ።
ብሉይን ሓድሽን፡ እንተ ተመረመረ።

ሎሚ እዩ ሎሚ፡ ሃይማኖት ዝጸረ።
ወይሉኡከ ጸማም፡ ካብዚ ዝበኰረ፡
ካብ መግስተ ሰማይ፡ ድክነት ዘፍቀረ፡

ህይወት ከይሰምዕ፡ እዝኑ ዘደንቈረ፡
ብርሃን ከይርኢ፡ ፈሊጡ ዝየረ፡
ናይ ክርስቶስ ወንጌል፡ እናተመስከረ።
እሞ ብቛንቋና፡ ዓቢ ምስ ንእሽቶ፡
ንኩሉ ሰብ ማዕረ።

ካብ መጽሓፍ ምዕዶ ብኣባ ገብረ ስላሲ 1913